# ከዳዕ ከብዱ ዘመርዱ።

ኣንታ ጠላም ከዳዕ ከብዱ ዘመዱ፡
ሪሙ ዝሸይጥ ኪሒዱ ዓዱ፡
ከይሞተ ምዉት ኩዑት ጉድጓዱ።

ክብረት ዘይፈልጥ ውርደተኛ፡
ዝኸውን ናይ ጓኖት ዘብዔኛ፡
ሕሱር ናይ ህዝቡ ምንቀኛ።

ቃላቱ ወታእታእ ርጥበት ዘይብሉ፡
ሓቂ ዘይፈቱ ሓሶት ኣመሉ፡
ዕንኪሊል ክብል ዝነብር መዋእሉ።

ተመኺሩ ዘይሰምዕ ዕንዝራ፡
ንዱይ ዕጥቁ ፈኸራ ጃህራ፡
ብመልሓሱ ዝፈረመ ከይኣቱ ኤርትራ።

ከዳዕ! ከብቲ'ኳ ዝፈልጥ ቤቱ፡
ውፍር ዊዒሉ ገዚኡ ዝኣቱ፡
ናትካ ግን ንበይኑ'ዩ ዓይነቱ፡
ኣብከንዲ ሃገርካ ደደቢት ትፈቱ።

ርኣዮ በል ውጺት ጥልመትካ፡
እንታይ ይኸውን መጻኢ ዕድልካ፡
ጃንዳ ኢዳ ሂባ ከይነገረትካ፡
ኣይኣብዚ ኣይኣብቲ ኮንቱ ተሪፍካ።

ከዳዕ ሓንጎልካ ዘይፈቱ ጽገና፡
ኣሕሊፍካ ትህብ ሓፋሽ ህዝብና፡
ሕጅስ ከብቅዕዩ ስራሕ ክድምና፡
ቀሲና ክትነበር ኤርትራ ሃገርና።

